# ዜና

ብወለተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ኣውስትራሊያ ዝተጣየሸ፡ ኣብ ሰብኣዊ ጉዳያት እነጥፍ ያና ፋውንዴሽን፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ንምሕጋዝ ዝጀመሮ ዓብይ ብሮጀክት ሎሚ 23 ታሕሳስ 2014 ኣብ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ብወግዒ ስርሑ ጀሚሩ።



ያና ፋውንዴሽን ንኤርትራውያን ስደተኛታት ብሓፈሻ ኣብ መዓስከራት ሱዳንን ኢትዮጵያን ንዝርከቡ ጽጉማት ከኣ ብፍላይ ንምሕጋዝ፡ "ፕሮጀክት ምውህላል ሓደ ሚልዮን መጽሓፍትን ቢሮታትን" ብዝብል ግዱሳት ኤርትራውያን ኣብ ኣውስትራሊ ዝተጀመረ ዓብይ መደብ፡ ኣብ ኢትዮጵያ መደበር ስደተኛታት ኣስሓይታ ንዝርከቡ ህጻውትን ተመሃሮን፡ ኣስታት 4 ሽሕ ጥራዝ፣ ቢሮ፣ እርሳስን ካልኦት ናውቲ ትምህርትን ሓገዝ ብምሃብ ስርሑ ብወግዒ ምጅማሩ ኣፍሊጡ።



እዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኤሃባደለ፡ ዝተገብረ ናይ ምርክኻብ ስነ-ስርዓት ዶ/ር ዓብደላ ጃምዕ ወኪል ያና ፋውንዴሽን ተረኺቡ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ " ያና ፋውንዴሽን፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝሓልፍዎ ዘለዉ መሪር ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዜግነታውን ሰብኣዊ ሓላፍነትናን ንምውጻእ ክንብል፡ ብግዱሳት ኤርትራውያን ኣውስትራላውያን ዝተጀመረ ትካል ምዃኑ ገሊጹ። ብምቅጻል፡ እዚ ፕሮጀክት'ዚ ንኩሎም ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሓፈሻ ኣብ መዓስከራት ሱዳን ኣብ ሽገራይብ ኣብ ኢትዮጵያ

መዓስከራት ሽመልባ፣ ማይ ዓይኒ፣ ዓዲ ሓርሽን ሕጻጽን ንምብጻሕ መደብ ከም ዘለዎ ገሊጹ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ'ዚ ፕሮጀክት ምጅማር ንምብሳር ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣስሓይታ 4 ሽሕ ጥራዛውቲ፤ ቢሮን እርሳስን ብምሕጋዝ ከም ዝተጀመረ ገሊጹ።

ኣብዚ ናይ ርክክብ ስነስርዓት፡ ናይ ክብሪ ኣጋይሽ ኮይኖም ዝተረኸቡ ኣቦ መንበር መሪሕነት ባይቶ ኤሃባደለ ብ/ሓጅ ዓብደልኑር፣ ኣቦ መንበር ፈ/ቤ/ጽ ብ/ክፍለየውሃንስ ወልደገርግስን ኣባል ፈ/ቤ/ጽ ዓብደላ ዱማን ሓጺር መደረ ብቋንቋታት ዓረብ፣ ትግርኛን ዓፋርን ብምግባር፡ ንኣብነታዊ ተበግሶ ያና ፋውንዴሽን ሞጎሶም ገሊጸም። ንሶም ኣብ መግለጺኦም፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘሕልፍዎ ዘለዉ ከቢድ ሕሰማት ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፡ "ያና ፋውድዴሽን ዝወሰደ ተበግሶ ዝምስገንን ዝነኣድን ብምዃኑ፡ ብስም ኤሃባደለን ካብዚ ሓገዝ'ዚ ዝጥቀሙ ኤርትራውያን ስደተኛታን ክብ ዝጋናና ክንቕርብ ንፈቱ" ኢሎም። ብምቕጻል ሽግር ኤርትራውያን ስደተኛታት ዓሚቕን ሰፊሕን ምስ ምዃኑ ብተወደበ መልክዑ ኩሉ ክሳተፈሉ ብዝኽእል መንገዲ፡ ሓገዛት ምግባር ከም ዘድሊ፡ ምእንቲ'ዚ ድማ ያና ፋውንዴሽን ዝወሰዶ ተበግሶ ብምትብባዕ ኣብ ትሕቲ ምእኹል ትካል ተመሳሳሊ ጻዕርታት ክካየድን ነዚ ንምውህሃድ ኤሃባደለ ከም ሓደ ዕማሙ ክሰርዮ ምዃኑ ገሊጸም። እዚ ብመንገዲ ያና ዝተጀመረ ሰብኣዊ ደገፍ ኣብቶም ካልኦት ስደተኛታት ክበጽሕ'ውን ጸዊዖም። ኣብ መወድእታ እቶም ናይ ክብሪ ዕዱማት ኣብ ዘማሓላለፍዎ መልእኽቲ፡ ሽግር ኤርትራውያን ስደተኛታት መንቀሊኡ ፖለቲካዊ ምኽንያታት ዘለዎ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዘሳወሮ ዓሚቕ ፖለቲካዊ፣ ማሕበረ-ቁጠባውን ቅልውላዋት ብምእላይ ኣቢልካ መዕለቢ ዝርከበሉ ምዃኑ ከይዘንግዕና፡ ቀንዲ ትኹረትና ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ክነጻጽር ከም ዘለዎ ኣስሚሮሙሉ።




ድሕሪ'ዚ ብኣላይነት ዶ/ር ዓብደላ ወኪል ያና ፋውንዴሽን እቲ መደብ እናተመርሐ፡ ወኪል ኤርትራውያን ሰድተኛታት መዓስከር ኣስሓይታ ዝኾነ ጠሃ ኢብራሂም፡ ካብ ኢድ ዕዱማት ኣጋይሽ ነቲ ብያና ፋውንዴሽን ዝተበርከተሎም ሓገዛት ተቐቢሉ። ኣብዚ ስነስርዓት'ዚ ዝተኻፈሉ ዕዱማት ያና ፋውንዴሽን ዝወሰዶ ተበግሶ ብምንኣድ፡ ተመሳሳሊ ስጉምትታት ንምውሳድ መርኣያ ክኸውን ከም ዘለዎ ገሊጾም።

ቤ/ጽ/ፈ ዜናን ሓበሬታን
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ
23 ታሕሳስ 2014